
## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ዳንኤልን ምስጢራዊ ሕልምን።




ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ




ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org




©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣





ንጉስ ነቡካድነጻር ሕልሚ ሓለመ፡ እዚ ሕልሚ እዚ ድማ ብዙሕ ኣጨነቆ።
ዳንኤል ብሓይሊ ኣምላኽ ነቲ ንጉስ ትርጉም እቲ ሕልሙ ኪነግሮ ከኣለ።




ዳንኤል ቀዳማይ ዝገበሮ ነገር ነቲ ሕልሚ ብልክዕ ምግላጽ እዩ፡ "ኦ ንጉስ ዓቢ ምስሊ ናይ ሓደ ዓቢ ሓወልቲ ርኢኻ፡ መልክዑ ድማ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ ነይሩ"
3


"ርእሲ እቲ ሓወልቲ ካብ ወርቂ ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ" ዳንኤል ተዛረበ።
4


"ኣፍልቡን ቅልጽሙን ካብ ብሩር ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ።"
5



"ከብዱን ሰለፉን ካብ ኣስራዚ ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ።"
6


"እግሩ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ኣእጋሩ ብኸፊል ካብ ሓጺን፡ ብኸፊል ካብ ጭቃ ዝተሰርሐ እዩ።"
7


ዳንኤል ነቲ ሓወልቲ ንንጉስ ድሕሪ ምግላጹ ትርጉም እቲ ሕልሚ ቀጺሉ ነገሮ።
8


ዳንኤል ድማ ነቲ ንጉስ፡ ኢድ ከይተንከዮ ሓደ
እምኒ ክፍንቀል ከሎ ተዓዚብካ፡ በሎ።
9
"እቲ እምኒ ድማ ነቲ ምስሊ ኣብቲ
ብሓጺንን ጭቃን ዝተሰርሐ እግሩ
ምስ ወቅዖ ተሰባበረ።
10
"ድሕሪኡ እቲ ሓወልቲ ተሰባቢሩ ናብ ሓመድ
ተቀየረ ብንፋስ ድማ ተበተነ፡ ዳንኤል ድሕሪ
ቁሩብ ስቅታ፡ "እቲ እምኒ ድማ ዓብዩ ን ኩላ
ምድሪ መልኣ፡ በሎ።
11
እቲ ንጉስ" እቲ ዝሓለሞ ነገር ልክዕ ከምኡ ስለ ዝነበረ" ተገረመ፡ ዳንኤል
ከመይ ኢሉ እዩ ነዚ ኺፈልጥ ዝኽኣለ፧ ኣምላኽ ንዳንኤል ስለ ዝነገሮ ጥራይ
ኢዩ፡ ሽዑ ዳንኤል ንንጉስ ነቡካድነጻር ትርጉም እቲ ሕልሚ እንታይ ምዃኑ
ኺነግሮ ጀመረ።
12
ዳንኤል ድም ነቲ ንጉስ፡
እቲ ናይ ሰማይ ኣምላኽ
መንግስትን፡ ሓይሊን፡
ብርትዐን፡ ክብርን ሃበካ፡
"ንስኻ ድማ እታ ናይ
ወርቂ ርእሲ
ኢኻ" በሎ።
13
ዳንኤል ድም ነቲ ንጉስ፡ እታ ወርቃዊት
መንግስቱ ከም እተብቅዕ ነገሮ፡
እቲ ብሩር ክፍሊ ናይቲ
ሓወልቲ ድማ ዘደኽመ
መንግስቲ ነቲ ቦታ
ክሕዞ ከም ዝኾነ፡
እቲ ኣስራዚ ድማ
ካልእ መንግስቲ
ማለት እዩ፡ እቲ
ሓጺንን ጭቃን
ድማ ካልእ ራብዓይ
መንግስቲ
ዝውክል ኢዩ።
14

ዳንኤል ነቲ ንጉስ ዝነገሮ ናይ መወዳእታ ነገር እዚ እዩ ነይሩ። "ኣምላኽ ሰማይ ንዘልኣለም ዘይትጠፍእ መንግስቲ ኬቕውም እዩ፡ ዝብል።



15

ንጉስ ነቡካድነጻር ንዳንኤል ሕልሙ ንኽፈልጥን ንኽርድኦን ጥበብ ክህቦ ዝኽእል ኣምላኽ ጥራይ ምዃኑ ኣስተውዓለ፡ ንዳንኤል ድማ ብ ሃብቲ ሸለሞ፡ ኣብታ መንግስቱ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሰብ ገበሮ።



16



እተን መንግስታት 1፣ 2፣ 3 መጺኣን ከይደን እየን፡ መንግስቲ ኣምላኽ ድሕሪ እታ መንግስቲ 4 ትመጽእ ኣላ፡ እቲ መሲሕ ኣብ ምድሪ ክነግስ እዩ፡ እዚ ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ክኸውን ይኽእል እዩ!

17


ዳንኤልን ምስጢራዊ ሕልምን።

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዳንኤል 2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

18



# መፈጸምታ

32 60

19

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እም ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንስኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16

20